# ቅዱስ ትጽቢት

ንባባት፡ ኢሳያስ 11፡1-10፥ ሮሜ 15፡4-9፥ ማቴ 3፡1-12።

ሰባት ብተፈጥሮና ብፍላይ አብዚ ዘሎናዮ ዘመን ሓደ ካብቲ ዝኸበደ ምጽባይ እዩ። ምናልባት አብ ቅድም እዋናት ከምዚ ዳርጋ አይነበረን። አብዚ ዘመና ነገራት ብቐሊል አብ ዝርከቡሉ ሰባት ክጭነቑን ክህወኹን ምርአይ ልሙድ እዩ። አብ ናይ ትራፊክ መብራህቲ፥ ምጽባይ አብ ሪጋ ሕክምና፥ አብ ድኳን ክትከፍል ምጽባይ፥ አብ ዓድና አብ ሪጋ አውተቡስ ምጽባይ ዓቕልና የጽብበልና። ምጽባይ ዳርጋ ጊዜኻ ምሕላፍ ኮይኑ እዩ ዝርአ። መን አሎ ሎሚ ግዚኡ ብኾንቱ ከሕልፍ ዝደሊ። ብዙሕ ዝግበር አሎና፥ ነፍስወከፍ ደቒቕ ዋጋ አለዋ ።

እዋናት ልደት ብዙሕ ሓጎስ ዝመልአ እዩ፥ ናይ ሓጎስ መዝሙር ዝዝየመሉ፥ ህያባት እንለዋወጠሉ፥ ጽቡቕ መግቢ እንቕርበሉ ፍሉይ ጊዜ ሓጎስ እዩ። እዚ እንከሎ እቲ ዝውቱር ቤተ ክርስትያን ግን ከመይ ኢልና ክንጽበ ከም ዘሎና ተስተምህረና። ዘመነ ምጽአት ሓጎስና ምሉእ ክኸውን ምእንቲ ፍሉይ ናይ ምቅርራብ እዋን እዩ። ከመይ ኢልና ክንቅረብ ከምዘሎና ክንምሃር ዝተዋህበና እዩ።

አብ ባህልና ሓደ ካብቲ ክንቅረብ ዝሕግዘና ኢላ ቤተ ክርስትያን አብ ጊዜ ምጽአት 44 መዓልቲ ጊዜ ጾም ትህበና። እዚ ኸአ ሥጋናን ነፍስናን ቀጺዕና ምስ ጽሩይ ሕልናን ልብን ንመድኃኒና ክንቅረብ ንማለት እዩ። አብዚ እዋን ንጽጉም ሓውናን ሓፍትናን ዓቕምና ዝፈትዎ ክንገብር፥ ንዝሓመሙ ክንበጽሕ፥ ንዝተባእሱ ክንዓርቕ፥ አብ ኩሉ ሰናይ ሰባት ክንዕጠቕ ዝሓትት እዋን እዩ። ሓደ ካብቲ ቅ. ዮሓንስ ጸቒጡ ዝተዛረበሉ ጉዳይ ናይ ዘመኑ ክፍአት ርእዩ ተነስሑ ዝብል እዩ። ንስሓ ሓደ ካብቲ ዘመና ዝሓቶ ፍሉይ ንልደትና ክንቅረብ ዝሕግዘና እዩ። ሎሚ ከም ሎሚ ዝንሳሕ ተጋግየ ኃጢአ ዝብል የለን ኩሉ ዝተበደለ ኩሉ ዝሓረቐ ኢና እንርኢ. ስለዚ ምጽባይና አብ ንስሓ ዘተኮረ ክኸውን ይግባእ። መንግስተ ሰማይ ቀሪባ እያ እሞ ተነስሑ።

ር.ሊ.ጳ. በነዲክቶስ XVI አብ ሓደ እዋን አብ ዝሃብዎ አብ ዘመነ ምጽአ ናይ ምጽባይ ጥቅሚ ኽገልጹ ከለዉ ከምዚ ኢሎም፥ "ኩሉ ሕይወትና ስድራቤታውን ማሕበራውን ህላዌና ብናይ ምጽባይ ጉዕዞ ይሓልፍ። ምጽባይ አብ ሓደ ሽሕ ኩነታት ዘሎ እዩ፥ ካብ ዝንአሰን ክሳብ እቲ ቍምነገር ዘይብሉን ቀንዲ ተደላይነት ዘለዎ አብ ምሉእ አድህቦ አብ ዓሚቕ መገዲ ዘውርደናን እዩ። ገለ ካብዚ ናይ ሰብአይን ሰበይትን ቆልዓ ንዝውለድ ይጽበዩ፥ሓደ ሓውና ወይ ዓርክና ድሕሪ ነውሕ ጊዜ ክመጽእ እንከሎ ንጸበዮ፥ ተመሃሮ ድሕሪ ብርቱዕ መርመራ ምግባሮም ብሃንቀውታ ውጽኢቶም ይጽበዩ። ናይ ስራሕ ሕቶ ቃላ መሕትት ዝገበሩ ብትጽቢት ይጽበዩ፥ ንሕጸ ዝቀራረቡ ወይ ዝሓተቱ ብሃንቀውታ መልሲ ይጽበዩ፥ ከምዝን ካልእን ወዲ ሰብ አብ ትጽቢት ዝነብር ኮይኑ እዩ ዝርአየካ።

ቅ. መጽሓፍ ብብዙሕ ናይ ትጽቢት ታሪኻ ዝመልአ እዩ። አብርሃምን ይስሓቅን ውሉድ ናይ ምርካብ ትጽቢቶም አብ መጨረሻ ንይስሓቕ ክወልዱ ነውሕ ዓመታት ተጸብዮም። እስራኤላውያን ቅድሚ አብ ምድሪ ተስፋ ምብጽሖም ን40 ዓመት አብ በረኻታት ሲናይ ተጸብዮም። ያዕቆብ ንራሄል ክውሃብ ሸውዓተ ዓመት ተጸብዩ እንደገና ብምጥፍፋእ ንሓፍታው ክወስድ ስለ ዝተገደደ ካልእ ሸውዓተ ዓመት ተጸብዩ። አብ መጽሓፍ ምልክያስ መጨረሻ መጽሓፍ ቅዱስ አብ ብሉይ ኪዳን ክሳብ ናይ ሓዲስ ኪዳን ጽሑፋት ዘሎ 400 ዓመታት ናይ ሱቕት ዘመን እዩ። ኢየሱስ ጎይታ ከይተረፈ ቅድሚ ህዝባዊ ተልእኮኡ

ምጅማሩ 30 ዓመት ተጸብዩ። ካብ ውድቀት አዳም ጀሚሩ ክሳብ ናይ መድኃኒና ምጽአት ደቂ ሰብ አብ ትጽቢት እዮም ነሮም።

ር.ሊ.ጳ. በነዲክቶስ አስተንትንኦም ብምቕጻል "ነፍሲ ወከፍና ብፍላይ አብዚ እዋን ምጽአት ንብዓለ ልደት አብ እንቀራረበሉ ዘሎና እዋን ንገዛእ ርእስና ክንሓቶ ዘሎና እንታይ እጽበ አሎኹ? ምእንቲ ምንታይ አብዚ ጊዜ ናይ ሕይወተይ፥ ልበይ ትጽበ ዘላ? እዚ ሕቶታት ብስድራ ቤት ደረጃ፥ ብማኅበር/ ቊምስና ደረጃ ብሃገር ደረጃ እውን ክንሓቶ ንኽእል። ብሓባር እንጽበዮ እንታይ እዩ።

ብሓቂ ዓብን በዳህን ሕቶ እዩ። እንታይ እየ ዝጽበ ዘሎኹ? ነቶም አብ መንነኹም ነዚ እትሓስቡ እዚ ስብከት ክውዳእ እጽበ አሎኹ፥ ካልእ አብ ውሽጥና ኮይኑ ዘጨንቐና ነገር ክሓልፍ እጽበ አሎኹ፥ ነፍሲ ወከፍና ነናትና እንጽበዮ ነገር አሎና። ሓደ ግን ንኹልና ዝትንክፍ ትጽቢት አሎና ንሱ ኸአ ሰላም ፍቕሪ ዋሕስ ድሕነት ተቐቢልና ሕጉስ ሕይወት ክነብር እዚ ኸአ ብክርስቶስ ጥራሕ ዝርከብ ሰላም እዩ። እዚ እንቀራረቦ ዘሎና ናይ ምጽአት ጊዜ አብዚ ዘብጽሕ ቅዱስ ትጽቢት እዩ። ክርስትያናዊ ትጽቢት አብ ተስፋን እምነትን ዝተመርኮሰ እዩ።

ትጽቢት ናይ ስርዓት አምላኽ ክፍሊ እዩ። ነውሕ ንባባት፥ ነውሕ አኮቴተ ቊርባን፥ ነውሕ መስርዕ ቅዱስ ቊርባን፥ ነውሕ ጊዜ ሱቕታ ወይ ጸጥታ ንአና ዝበለጹ እዮም። እምነታዊ ግቡእና ክነማልእ አብ ዓቢ ህንጡይነት እንተ አሊና. . . . ብሓቂዶ ብቕኑዕ መንፈስ ኢና ጀሚርናዮ አሎና ኢልና ክንሓትት አሎና። አብ ቅዳሴ ክንሰምዕ ከሎና አብ ምህዋኽ ወይ አብ ጸሎት ክሓጽር ንብል እንተ ኾና አብ ገለ እዋን እንህቦ ዘሎና ቀዳምነት ከጋግየና ይኽእል እዩ።

ቅዱስ ትጽቢት ብዙሕ ነገራት ክምህረና ይኽእል እዩ። ካብቲ ብዙሕ ሓምሽተ ሕሳባት ናይ ትጽቢት ክትንትን።

1. እንጽበ እንተ ደአ ኾና ንሕና ማእከል ናይ ህዋ universe ከምዘይኮና የዘኻኽረና። አብ ናይ ገዛእ ርእስና መደባት ጥራሕ አተኲርና ኩሉ አነ ዝገብሮ ቀንድ ጠቅምን እዩ ኢልና ክንሕስብ ንኽእል ኢና። ከም እትጽበ ኽገብሩኻ ከለዉ አብ ትሕትና የውርደካ ምኽንያቱ ከምቲ ንስኻ እትደልዮ ካልኦት ሰባት እውን ከማኻ ዝደልዩ ከምዘለዉ ክትሓስብ ይገብረካ። ከምቲ ንስኻ ቀዳምነት እትህቦ ዘሎካ ካልኦት እውን ቀዳምነት ዝህብዎ ከምዘለዎም ምሕሳብ የድሊ። ምጽባይ ናይ ገዛእ ርእስኻ አነ ዘብል መንፈስ ክትፈጥር ይሕግዝ። ምጽባይ ናይ ኮሉ ዝቆጻጸር አምላኽ ከምዝኾነ የርድአና። አብ ተስፋ ቊርጸት ክንበጽሕ እንከሎና ወይ አብ አምላኽ ምምላስ ክነቋርጽ እንከሎና አምላኽ ንስኻ መን ኢኻ ንስኻ ከም ዝጽበ እትገብረኒ ወይ መን ኢኻ ንስኻ ዘድሊ ነገራት ከምዘሎ እትነግረኒ፥ ነዝን ካልእን ክንብል እንከሎና ነቲ ንኢዮብ (ኢዮብ 38፥4-7) ዝበሎ ከም እንዝክር ይገብረና። "አነ ንምድሪ ኽሥርታ ኸሎኹስ አበይ ነበርካ፥ ክሳብ ክንድዚ ትፈልጥ እንተ ኺንካስ እስከ ንገረኒ፥" ይብሎ። ስለዚ ምጽባይ  አብ ዓለም መን ምኺኑ እቲ ንኹሉ ዝቆጻጸር ይነግረና። ምጽባይ ትሕትና ከም እትገብር ይገብረካ።
2. ምጽባይ ተጻዋርነት፥ ሓቦ ገርና ከም እንቕጽል ይገብረና። አብ ገለ እዋናት አብ ጸሎትና ንሓደ ነገር ደሊና ቀጺልና ምስ ጸለና እሞ መልሲ ምስ ሰአና እቲ ዝመጸና ፈተና ተስፋ ቊርጸት እዩ፥ አብ አምላኽ ምጽላይ ነቋርጽ። ቅ. ሞኒካ ቅ. አጎስጢኖስ ወዳ ክምለስ 40 ዓመት ጸልያ። ንሳ ብትዕግስቲ ግን ብተስፋ እናተጸበየት ወዳ አብ የማን ክምለስ ተጸብያ። አብ ገለ እዋን ምጽባይ

ንሓደ ፍሉይ ጸጋ ወይ ብቕልል ዝበለ መገዲ ኣምላኽ ኣብ ጸጋ ደልድሊልና ክንጸንዕ እሞ ክንረኽቦ ኢልና እንገብሮ ቆኖና ጸኒዕና እንጽበዮ እዩ።

3. **ምጽባይ ሕይወት ህያብ ከምዝኾነ የዘኻኽረና።** እግዚኣብሔር ነዚ ኮናዮ ዘሎና ክገብረና ኣየድልን እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ኣብ ነፍስወከፍ ሰዓት ኣብዚ ሕይወት ዘላትና ህያብ እዩ። ኣብ ቅድሚ መብራህቲ ትራፊክ ንብዙሕ ክቡር ደቓይቕ ኮፍ ክብል እንተ ደልየ ኮፍ ክብል ይክእል እዩ፥ ምርጫ ኣሎኒ። ብግዜይ ክጣላዕ እኽእል እየ ብእኡ ኸአ ወርቃዊ ጊዜይ ከጥፍእ እኽእል እየ። ወይ ከኣ እተን ዝበለጻ ደቓይ እግዚኣብሔር ዝሃበኒ ኮይነን ብኣኣን ኣብ ክብሪ እግዚኣብሔር ኣውዒለየን ንኽብሩ ክነብር እኽእል እየ። ብርግጽ እዚ ኣይኮነን ኣነ ከመይ ገረ ከም ዝጥቀመሎም ዝመደብክዎ። ወላ እዚ እውን ነቲ ህያብ ናይ ሕይወት ናይ ጊዜ ክቕይሮ ኣይክእልን እዩ።
4. **ምጽባይ እዚ ዘሎናዮ ጊዜ ኣገዳሲ ከምዝኾነ የዘኻኽረና።** ኣብ ገለ ጊዜ ምጽባይ ይሽልትወና ዓቕልና የጽብበልና ምኽንያቱ ብተፈጥሮና ንዝመጽእ እንጽበ ፍጡራት ኢና ከምኡ ኣብ እንታይ ኮን ክመጽእ እዩ ኣብዝል ስለ እንተኩር። ኣብ ጊዜ ቅዳሴ፥ ኣብ ጊዜ ምሳሕ፥ ኣብ ጊዜ ጸሎት ስዒቡ ንዝመጽእ ነገር ኢልና ንርበጽን ንህወኽን። እንተ ኾነ ኣብ ግቡእና ወይ ተልእኮና እንከሎና እንተ ተረቢጽና ነዛ ሕጂ ዘሎናያ እዋና ብግቡእ ኣይንጥቀመላን ወይ ግቡእ ኣይንገብረላን። ኣምላኽ ናይ ሕጂ ናይ እዚ ዘሎናያ ጊዜ እዩ፥ ምጽባይ ከኣ ኣብ እዋኑ ከም እንረኽቦ ይገብረና።

ሓደ ካብቲ ጥዑም ጸሎታት ኣብ ቅዱስ መጽሕፍ እንረኽቦ መዝሙራት ዳዊት እዩ። መዝሙረ ዳዊት ብዝተፈላለየ መልክዕ ናይ ምስጋና ናይ ልመና ናይ ሓጎስ፥ ናይ ጽንዓት ኮታስ ናይ ኩሉ ክንጽልዮ እንደሊ ዝሓዘ እዩ። በዚ እዩ ብዙሕ ጊዜ ክንጽልዮ ቤተ ክርስትያን እተብራትዓና። ነፍሲ ወከፍ ቃል ኣብ መዝሙረ ዳዊት ጊዜ ወሲድና እናኣስተንተና ክንደግሞ እንከሎና ክንደይ ጥዑምን ኣብ ሕይወትናን መልስን ትርጉምን ዘለዎ እዩ። "እግዚኣብሔር ጓሳይ እዩ" ዝብል ንኣብነት ብፍሉይ ክነስተንትኖ ንኽእል። ቅ. መጽሓፍ እነንብቦ ኣብተ መወዳእታት ታሪኽ ክንበጽሕ ኢልና ኣይ ኮናንን እነብብቦ። ከመይ ኢሉ ከምዝውድእ ንፈልጦ ኢና። ክነንብብ እንከሎና ኣስተውዒልና እናኣስተንተና ክነንብቦ ከሎና ጥራሕ እዩ ትርጉም ዝህበና። ኣብ ገለ እዋን ንቅ. መጽሓፍ ክንርድኦ ክንጽበ ኣሎና ጊዜ ክንወስድ ኣሎና፥ ቀስ ኢልና ክንኾምስዖ ኣሎና። ኣብ ልብናን ኣእምሮናን ክንመላልሶ ክንሓስቦ ኣሎና። መቐረት ሓደ መግቢ ብዝያዳ እተስተማቕሮ ብዙሕ ክትሕይኾ እንከሎኻ እዩ፥ ስለዚ ቃል ኣምላኽ ጣዕሙን መቐረቱን ክስቆረና ኣብልብና ኣሕዲርና ክነስተንትኖ ኣሎና።

**ኣብ መወዳእታ።** ምጽባይ ዘዘኻረና ኣብ ተዘክሮ ክነብር እዩ። ምጽባይ ኣብ ገለ እዋን ጽቡቕ ወይ ምትእምምን ዘይብሉ ክኸውን እንከሎ ጽቡቕ ዘይስምዓና ክኸውን ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ሕይወትና እቲ ቀንዲ ዘገድስና ዝኾነ ነገር ጥራሕ ክነተኩር ይግድደና። ነዘሎና ምጥርጣርን ሕቶታትን ከም እንገጥሞ ይገብረና። ገለ ኻባና ነቲ ምጽባይና ብዙሕ ከይሓሰብናሉ ንነብር፥ ምሕታት ምጥርጣር ምቹእ ኣይኮነን ንገለ የፍርሖም። ምጽባይ ንሓቂ ከም እንገትሞ ይገብረና ምኽንያቱ ኣብዛ እንነብራ ዓለም ንውሱን ጊዜ ኢና እንነብር። ምናልባት ንግዚኣይ ብግቡእ ኣይተጠቕምኩሉን ክኸውን እኽእል እየ፥ ብኾንቱ ጊዜ የጥፍእ እህሉ እየ፥ ኣብዘይጠቅም ነገራት ጊዜየይ የጥፍእ እህሉ እየ እናበልና ክንሕስብ ይክእል እዩ። እንተ ኮነ ክንጽበ ከሎና ብብሩህ ተስፋ ክንገብሮ ከሎና ሕይወት ይህበና ክንሕስብ ክንቅረብ የኽእለና።

ኣብዚ ዘመና ንግዜና ዝሰርቁ ኣብዘየድሊ ነገራት ከምእነድህብ ዝገብሩና ውሑዳት ኣይ ኮኑን። ጊዜና ወሲዶም ሕይወትና ምናምና ዝገብሩ ብዙሓት እዮም። ዘሎና ተክኖሎጂ፥ ፖሎቲካ፥ ኣብ ገለ እዋን ናይ

እዋና እምነታት፥ ክትህብትም ገንዘብ ክትእክብ ዝአመሰሉ ገለ ካብቶም ኩሎም ንግዜና በሊያም ባራዩ ኮና ከምእንነብር ዝገብሩና እዮም። ስከዚ እዚ ዘሎናዮ እዋን ህድእ ኢልና ጉዕዞ ሕይወትና ክንርኢ የዘኻክረና። አበይ ገጹ ይኸይድ አሎ ሕይወተይ ኢልና ምስ ርእስና ክንዛረብ አሎና።

አብ ወንጌል ማቴ 3፡1-12 ዮሓስን መጥመቕ ብእግዚአብሔር እቲ ንዘመናት እስራኤል እትጽበዮ ዝነበረት ከምዝበጽሐ ክነግር ተላኢኹ። ቅድሚ ዮሓስን ን400 ዓመት እስራኤል ድምጺ አምላኽ ብነብያት ተሰሚዑ አይትፈልጥን አብ ጸጥታን ሱቕታን እዮም ነሮም። ዮሓንስ አብ ከምዚ ኩነታት እንከለዉ እዩ መጺኡ። ንሱ ነቲ ኩሉ ክነታት ህዝቢ ርእዩ  መንግስቲ አምላኽ ቀሪባ እያ እሞ ንምጽአቱ ክትቅረቡ ምእንቲ ተነስሑ እናበለ ይእውጅ ነሩ። አብ ምጽባይ እንተ አሎና ክንርኢ ክንክእል ዕድል ይህበና፥ እቲ እንጽበዮ ቅድሚ ምምጽኡ እቲ ቀንዲ ዘድሊ ነገራት ክንቅረበሉ ዕድል ንረክብ። እቲ ዝበለጸ ምቅርራብ ሕይወትና አብ ኢድ እግዚአብሔር ክንገብር ኢና እንቕረብ።

ዮሓንስ መጥምቕ ንህዝቢ ንምጽአት ክጽበዩ እንከለዉ ኽገብርዎ ዝግብኦም ገሊጹ እዩ ነጊርዎ።

1. ብዘይ ሓደ ፍርሒ ንኹሉ ክፍአት ዝግበር ዝነበረ አውጊዝዉ ወይ ኮኒንዎ። ንመራሕ ሃገር ሄሮዱስ ምስ ሰይቲ ሓዉ ዝነበሮ ዘይሕጋውን ሞራላዊ ውድቀትን ብዘይፍርኂ ሰጋእ ከይበለ ዓገብ ኢልዎ። ንመራሕቲ ሃይማኖት ፈሪሳውያንን ሰዱቓውያንን በቲ ዝገብርዎ ክንስሑ ገሊጹ ነጊርዎም። እቲ ማንም ህዝቢ እውን ንአምላኽ ዘይበቅዕ ሕይወት ይመርሕ እንተ ነበሩ ንእኡ እውን ክንሳሕ ክምለስ ይነግር ነሩ። ዮሓንስ ከም ሓደ ብርሃን አብ ጸልማት ዝበርህ እዩ ነሩ። ከም ንፋስ አብ ምሉእ ሃገር ዝነፍስ እዩ ነሩ። አብዚ ዘሎናዮ እዋን ከም ዮሓንስ ኮና ምእንቲ ሓቅን ፍትሕን ኢልና ክንውግዞ ክንኩንኖ ዘሎና ብዙሕ ነገር አሎና/ ፍርሒ ውሒጥና ንሓቂ አምላኽ ከይነጥፍእ ምጥንቃቕ የድልየና።
2. ንሰብኡትን አንስትን አብ ሓቂ ክምለሱ ጸዊዑ። ዮሓንስ ነቲ ክፉእ ነገራት ምኾናን ጥራሕ አይ ኾነን ነሩ ትምህርቱ። ሓቀኛ ሞራላዊ ሕይወት ከመይ ዝበለ ከምዝኾነ እውን ይነግር ነሩ። ነቲ ዝገበርዎ ክፉእ ጥራሕ አይ ኮነን ዝነግር ነሩ እንታይ ጽቡቕ ክገብሩ ከምዘለዎም እውን ይነግር ነሩ። በቲ ዝገበርዎ ክፍእ ጥራሕ ይኹንኖም አይነበረን። ክገብርዎን ኽኾንዎ ዘለዎም ክገብሩ ይሓቶም ነሩ፥ ንሱ ከም ሓደ ድምጺ ኮይኑ ንዝልዓለ ነገራት ክግበር ዝነግር ዝነበረ እዩ። ንኽፉእ ጥራሕ ይቋወም አይነበረን ነቲ ዝጽቡቕ ነገራት አብ ቅድሚ ሰማዕቱ ገሊጹ ይዛረብ ነሩ። አብ ገለ እዋን ቤተ ክርስትያን አብቲ ኽግበር ዘይብሉ ጥራሕ አቶኪራ ገራ ነቲ ቀንዲ ዝሃንጽ ዝሕግዝ ብዙሕ ብዘይ ምዝራብ ስብከታ ከምቲ ዝድለ አይፈርን። ንአብነት ብዙሕ ጊዜ ብዛዕባ ጽንሲ ምንጻል ይዝርብ እዩ ብሓቂ ዓቢ ኃጢአት ሰብ ምቕታል እዩ ግን ማዕረ ማዕሪኡ ኸአ ሰብ ምስተወልደ አብ ልዕሊኡ ዝፍጸም ዘሎ ግፍዒ ዓለትነት፥ ዓመጽ፥ ጭቆና ምዝመዛ፥ ሓቂ ዘይምግባር፥ ዝሙት፥ ስርቂ ስሳዐ ወዘተ ዘይምዝራቦም ዳርጋ ልሙዳት እናኾኑ ይኸዱ አለዉ ስለዚ ብኹሉ ኢና ንሓቆ ክንዛረብ ዘሎና።
3. ዮሓንስ ካብ አምላኽ ዝመጸ እዩ። ዮሓንስ ካብ በረኻ ከም ዝመጽአ ወንጌል ይነግረና። አብ በረኻ ድሕሪ ነውሕ ምቅርራብ እዩ አብ ህዝቢ መጺኡ፥ ነቲ ክብሎን ክገብሮን ዝነበሮ ተስናድዩ ቅሩብ ኮይኑ እዩ መጺኡ በዚ እዩ ደፊሩ ዝዛረብ ዝነበረ። ንሱ ናቱ መልእኽቲ ሒዙ ዘይኮነ ናይ አምላኽ መልእኽቲ ሒዙ እዩ መጺኡ። ቅድሚ አብ ስብከት ምጅማሩ ብዙሕ ጊዜ ምስ አምላኽ አሕሊፍዎ እዩ። አድሚ አብ ዝኾነ ዓቢ ተልእኮ ምእታውና መጀመርያ ምስ አምላኽ ክንራኸብ

ይግባእ። ዝኾነ ሰባኻይ መምህር ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ቅድሚ ምቕራቡ መጀመርያ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጊዜ ክወስድ ኣለዎ። ምስ ኣምላክ ክወሃሃድ ኣለዎ።

4. **ዮሓንስ ኣብ ስብከቱ ኲኖ ርስኡ እዩ ኣመልኪቱቱ።** ንሱ ኣብቲ ክፉእ ዘለዎ ጥራሕ ዘብርህ ኣይኮነን፥ ድምጺ ንኃጢኣት ዝጸልእ፥ ኣብ ኣምላ ዝመርሕ ምልክት እዩ። ሰባት ንእኡ ክርእዩ ዝተመነየ ወይ ዝድሊ ኣይኮነን፥ ንሱ ነቲ ክመጽእ ዘለዎ ክቕበሉ ክሰናደዉ ዝተመነ እዩ። ኣብ ባህሊ ኣይሁድ መስሕ ቅድሚ ምምጽኡ ኤልያስ ንህዝቢ ክቕርብ ክመጽእ እዩ ዝብል ነሩ። “እንሆ እታ ዓባይን እተፍርህን መዓልቲአይ ከይመጸት ንነብይ ኤልያስ ክልእከልኩም እየ” (ሚልክያስ 4፡5)። “ክዳን ዮሓንስ ብፀጉሪ ገመል ዝተገብረ ነበረ፥ ዕጣቕ ሕቑኡ ድማ ፈልቍ ቖርበት ቀለቡ ኸአ እንበጣን መዓር በረኻን ነበረ” ኣብ 2ዘነገስት 1፡8 ከም እንረኽቦ ኤልያስ ዝኸደኖ ዝነበረ ከምኡ እዩ፥ በዚ እዩ ሰባት ንዮሓንስ ኤልያስ መጺኡ ዝብልዎ ዝነበሩ።

**ዮሓንስ ንሰባት መገዲ ይቕርብ ነሩ።** መገዲ ጽረጉ ዝብል መጸዋዕታ ኣብ ልብና ኣብ ሕልናና ዘሎ ኲነት እዩ ዝገልጽ። ዝኾነ ሰባኺ ቃል ኣምላኽ ዝነግር መጀመርያ ዓላምኡ ንስባት ኣብ ኣምላኽ ከ?ቕርብ ከምዝኾነ ኽግንዘብ ይግብኦ እዚ ኣብ ሕይወት ዮሓንስ ንርእዮ። ስለዚ ሰበኽቲ መራሕቲ ሃይማኖት ንሰባት ኣብኦም ዘይኮነ ኣብ ኣምላኽ ክስሕብዎም ይግባእ። ንፉዕ ሰባኻይ ዝብሃል ንሰባት ኣብ ክንዲ ኣብኡ ኣብ ኣምላኽ ዝመልስ እዩ። ሓቀኛ ሰባኺ ንገዛእ ርእሱ ካብቲ ዘሕልፎ መልእኽቲ ዝወጽእ እዩ። ሰባት ንዮሓንስ ከም ነብይ ኣለልዮሞ ወላ እኳ ንዓመታት ብዘይነቢ እንተ ጸንሑ። ድምጹ ተሰሚዑ ምኽንያቱ ንሱ መብራህቲ ንክፉእ ንኃጢኣት ኣብሪሁ ስለ ዘርኢ። ድምጺ ንሰባት ኣብ ርትዕን ሓቅን ክመጽኡ ዝጽውዕ እዩ። ንሱ ምልክት ኣብ ኣምላኽ ዝወስድ እዩ ምኽንያቱ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበሎ ስልጣን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸኒሑ ዘምጽኦ ስለ ዝኾነ። ንሕና እውን ነዚ ክንገብር ኢና እንጽዋዕ ዘሎና።

ር.ሊ.ጳ በነዲክቶስ ኣብቲ ኣብ ምጽባይ ዝብል ኣስተንትንኦም ኣብ ምውዳእ ዝሃብዎ ሓሳብ ኣብነት ማርያም ክንወስድ ከምዘሎና ይገልጹ። ማርያም ብትዕግስትን ብጸጋን ነቲ ኣብ ከርሳ ሓዲሩ ዘሎ እትጽበ ዝነበረት እያ። ኣብ ምጽባይ እንከላ እግዚኣብሔር ኣብአ ዓበይቲ ነገራት ፈጺሙ እዚ ኸአ ንሳ ወላ ዝተጸበዮቶ ኣይነበረን። ንሳ እቲ ዝበለጸን ናይ መወዳእታትን ትርጉም ትጽቢት ትህበና። ንኣምላኽ ብኽፉት ልብን ኣእምሮን ክንጽበ እንከሎና ብጸጋን ኣፍልጦ ርእስናን ሓጎስን ስለ እንገብሮ ዘይተጸበናዮ ይመልኣና እንተ ኾነ ኣምላኽ እዩ ንኹሉ ምልኣት ዝህብ።

ኣብዚ ንብዓለ ልደት ኣብ እንጽበየሉ ዘሎና እዋን እምብኣር ምሉእ ምቅርራብን ምጽባይን ክንገብር ንሕተት ኣሎና። ኣምላኽ ኣብ ልብናን ሕይወትናን ክአቱ ይመጽእ ኣሎ ብሃንቀውታ ብዝተነስሐ ሕይወት ተቐሪብና ንጸበዮ። ሓንትስ ድለተን ዝክኣለናን ንግበር እምበር ዝተረፈ ባእሉ ክገብሮ እዩ።

እምብኣር ካብታ ናይ ትጽቢት ኣብነትና ዝኾነት ማርያም ከመይ ኢልና ክንጽበ ከምዘሎና ክንምሃር ኣሎና። ብሓዲስ መንፈስ ነቲ ኣምላኽ ጥራሕ ክፍጽሞ ዝኽእል ክንጽበ ምርሕና ሓግዝና ንበሎ። ትጽቢትና እሙናት መፍቀርቲ ኣምላኽ ኮና ኲሉ ካባና ዝድለ እናገበርና ሓግዝና ምርሓና ንበሎ።
ርሑስ ዘመነ ምጽኣት ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።